# መልሲ ንተዓዛባይ ኣብ ልዕሊ
# ኣድሓኖም ገብረማርያም
<u>(ሃብትኣብ ስምኦን)</u>

ብብስራት ኣውዓሎም፡ ትዕዝብተይ ናብ ሓው ኣድሓኖም ገብረማርያም ዝብል ጸለመ ሓዘል ጽሑፍ ኣብ ኤርትራና ዳትኮም ምስ ኣንበብኩ፡ ምኽን እኳ ነንሕድሕድኩም ትቃረቡ፡ ኣድሓኖም እውን ነዚ ዘይተገረዘ ጽሑፍ መልሲ ከምዘይበሉ ኣይጣራጠርን፡ ግን ካብ ሕቂ ዝረሓቐ ናይ ተስፋ ምቕራጽን ናይ እንዳ ስዋ ጽሑፍ ከተንብብ ከለኹ፡ መልሲ ምሃብ ኣገዳሲ እዩ ምኽንያቱ ብሓሶት ህዝቢ ንምፍልላይ ዝግበር ተንኮላት ትም ኢልካ ምዕዛብ ኣየድልን፡ ኣብ ኤርትራና ዳትኮም ብዛዕባ ኣድሓኖም ዝተጻሕፈት ጽሕፍቲ መን ከም ዝጸሓፋ (ኣብ ዋሽንግቶን ዲሲ ኣብ ታሽዓይ መገዲ ኣብ ቤት መግቢ ኣሽሱም (9th Street) ክዕለል ተሰሚዑ እዩ፡ ካብቲ ግዕዙይ ዘስደምደመካ ጽሑፉትካ ንምጥቃስ ዝአክል ብሕጽር ዝበለ ክትንትነልካ ክፍትን።

1) ኣንጻር መስርሕ ስምረት ተቓወምቲ ውድባት ጠጠው ምባሉ ኢልካ ቀጺልካ ተማሳስሊ ን16 ኣባላት ኪዳን ግጉያት ኣነ ጥራሕ እየ ሓቀኛ ኢሉ እውን ኢልካ።

ኣበይ እዩ ኣንጻር ውድባት ጠጠው ዝበለ ሕጋውነትን ግሉጽነትን ክህሉ ኣለዎ ስለ ዝበለስ፡ ከም ዓቢ ገበን ተቖጺሩ፡  ብዛዕባ ኪዳን እውን ነቲ ኣይዶሎጂ ኣይተቓወመን ግን ኣብ ግብሪ ክውዕል ኣለዎ እዩ ዝበለ ዝኾነ ሽግራት ከጋጥም ከሎ ኪዳን ነቲ ጸገማት እትፈትሕ ሽማግለ ክትህሉ ይግባእ ምባል ነውሪ ኣይኮነን።

2) ከምኡ'ውን ቃል-ብቓሉ ቃል ህ-ግ-ድ-ፍ ብጸለመ ዝሕፍስ ምህርቲ ዘሎ ግዲ መሲሉካ ደጋጊምካ ነውራም መገመቲኻ ዝሕብር ሓቅነት ዘይብሉ መግለጺ ንኣብነት ሕቡእ ኣጀንዳ ኣለዎ ይብልዎ ናይ ወገንን ዓልየትን ኣዝማድን ሃይማኖት ከምኡ' ውን ህርፋን ናይ ስልጣን እውን ጠቒስካ።

ዝኾነ ቅድሚ ምጽሓፍ ጭቡጥ ውግዓዊ ዝኾነ መራጋገጺ ክህልወካ ይግባእ፡ ኢሎሞ ይብሃል ይኸውን ይመስለኒ ኢልካ ምጽሓፍ ናይ ዓቕሉ ዘጽበበ ብብስጭት ዝተሓጽረ ይመስል፡ ንሰነ'ሓቂ ሓልዮትን ምምቓል ህዝቢ እንተዳኣ ዝስቕረካ ኮይኑ እተን ንስልጣን ክብላ ዝተፋላለያ 16 ውድባት ኢልካ ትፍክረለን ዘሎኻ ናይ ዓሌየትን ሃይማኖትን ውድባት ሓቕፈን ዝጓዓዛ ዘለዋ ዘየጨነቐካስ ኤ-ህ-ም ኣብ ክልተ ስለ ዝተመቐለ ዓሌየትን ኣዝማድን ሃይማኖትን ኢልካ ክትከስስ ቊርብ ሕፈር፡ ኣብ ኤርትራ ዝኾነ ወዲ ሃገር ንመሰሉ ብዘርብሖ መገዲ ክቃለስ መሰሉ እዩ ምክንያቱ ንገለን ሓላል ንገለን ሓራም ክኸውን የብሉን።

3) ብዛዕባ መስፍን ሓጎስ እውን ተናኺፍካ፡

ኣብ ጀርመን ናይ ዲ-ፒ ኣብ ዝተገበረ ኣኼባ ብሓንሳብ ከምዘይጓዓዙ ተራዳዲኦም ተፋላልዮም ቃለ መሕተት ዶክቶር ኣሰፋው ሃሰስ በል።

4) ብዛዕባ ዓሊ-ሲዒድ እውን ወቒስካ ስለ ምንታይ ሂወቶም ዝሓለፉ ብሕማኽ ተልዕል ኢልካ፡

ኣይትዓሾ ኣብ ዓለም ከክም ግብርኻ ክትዝከር ትነብር ስውኣትና ንነጻነትን መሰል ሃገሮምን ህዝቦምን ዝፈትውዋ ሂወቶም ኣሰዊኦም ንዘላኣለም ክዝከሩ ክነብሩ እዮም። በዓል ሂትለርን ሙሶሊንን እውን ከም ግብሮም ክዝከሩ ክነብሩ እዮም።

5) ብዛዕባ ጉጅለ 15 ክእሰሩ ከለዉ ኣብ ባር ነርካዶ ናይጀሪያ ትምለስ ነርካ'ዶ እውን ኢልካ፡

ዓብደላ ኣደም ድሕሪ ኣድሕኖም ስለ ዝወጸ ንዓብደላ ኣደም ሕተቶ ዝያዳ ንኽብርሃልካ።

6) ብዛዕባ ስሞኦን ግ/ድንግል ምስ ተስፋይ ተራኺቡ ትብል፡

ተስፋይ ዝራኸቦምን ዘይራኾቦምን ሰባት ፍሉያት ድዮም ወይስ ዝርዝር አስማት ሂባካዮ ኢኻ ክረኽቦም ዘለዎን ክረኽቦም ዘይብሉን፡ ኪዳን ግን ምስ ልኡኻት መንግስቲ ኤርትራ አብ ሱዳን ንኽራኽቡ ተስፋ ነይሮዎም ንዓኻ ግን ነውሪ እዩ።

7) ብዛዕባ ኤ-ሀ-ም ምፍንጫል ክትብል ከሎኻ፡

አይትጋገ መሰረታውያን ዘበገስዎ መዕረፊ ዘይብሉ ሕቶታት ስለ ዝነበረ እዩ፡ ካብ መሰረታውያን ዝዘንብ ዝንበረ ጽሕፋት ተመሊስካ አንብብ፡ ገለገለ ተዓዘብቲ እውን መንዩ ንስልጣኑ ጎስጓስ አካይዱ እታ አምራጺት ሸማግለ'ኸ ስለምንታይ ካብ ወጻኢ ትኸውን ስለምንታይ ካብ ገዛ ዘይተመረጸት፡ ስለምንታይ ተወከልን ሓሙኡን አብ ክፍሊ ዜና ምስ ተወከል ዝሰርሕ ሸማግለ ይኾኑ፡ ንዝብል ሕቶ ንዓኻ ይገድፎ።

አብዚ ክላበወካ ዝደሊ 16 ውድባት'ዶ ይበዝሓስ ወይስ ናይ አድሓኖም ውድብ፡ ስለምንታይ ትርዕድ ካብ ጸለመታት ተላኽዕ ትውዕል አብ ዝደለኽዮ ውድብ ተሰሪዕካ ዘይትቃለስ።